## ካብ ምምሕዳር ከተማ ስያትል ዝተዋህበ ካብ ገዛ ዘይምውጻእ ሓበሬታ፡

**ትሕዝቶ ሓበሬታ፡** ምምሕዳር ከተማ ስያትል ነበርቲ ሓደ-ሓደ ዞባታት ከተማ ካብ ገዝኦም ከይወጹ ትእዛዝ ኣማሓላሊፎም። እዚ ማለት ድማ ኣብ’ቲ ከባቢ ብዝተፈጥረ ኩነታት ምኽንያት ካብ ገዛ ዘይምውጻእ ካብ’ቲ ከጋጥም ዝኽእል ሓደጋ ምርሓቕ ዝሓሸ ስለዝኾነ። እቲ ሓደጋ እንታይ ከም ዝኾነ ሓበሬታ ቀልጢፉ ክይመሓላለፍ ይኽእል።ስጋብ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝወሃብ ግን ኣብ ገዛ ተዓጺኹም ክትጸንሑ ንላቦ።

**እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡**

- ኣብ ገዛኹም ተዓጺኹም ንምጽናሕ ምድላው ፣ ኩሉ ኣባል ቤተሰብኩምን ዘለዉኹም እንስሳ ዘቤትን ኣብ ገዛ ከም ዝኣትዉ ምግባር፣ መዓጹ፤ መሳኹትን እቶን ናይ ሙቐት ሓዊ(ፋየር ፕለይስ) መዕጸውን ምዕጻው፣ ኣብ ማዕጾን መሳኹትን ዝርከብ ንፋስ መእተዊ ቀዳዳት ጥሉል ሽጎማኖታት ምስጣሕ።
- ከም ቨንቲለይተር፣ መዝሓሊን(ኤየር ኮንዲሽን) ናይ ሙቐት መውሃብን ከተጥፍኡዎ የድሊ።
- ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ኮንኩም ኣብ መንገኹምን ኣብ መንገ እቲ ኣየር ከእቱ ዝኽእል ቀዳዳት ምዕጻዉን ርሕቀት ከም ዝህልወኩም ምግባርን።
- ሓላፍነት ዘለዎም ሰባት ካብ ገዛኹም ክትወጽኡ ከም እትኽእሉ ስጋብ ዝሕብሩኹም ኣብ ዘለኹምዎ ተዓጺኹም ምጽናሕ።
- ነቲ ብሬድዮ ዝወሃብ ናይ ግዜ ሓደጋ ሓበሬታ ምክትታል።
- ***ብዛዕባ’ዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ክሰምዕ፣ ክርኢ/ከንብብ ወይ ድማ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎ እትፈልጡዎ ሰብ ኣንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዚ ሓበሬታ እዚ ከተማሓላልፉሉ/ከተመሓላልፉላ ንላቦ።***

**ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ወብ-ሳይታት ተመልከቱ :**

http://www.kingcounty.gov/safety/prepare/residents-business/PersonalPreparedness/ShelterInPlace.aspx

http://www.ready.gov/shelter

http://emergency.cdc.gov/preparedness/shelter/